# ፓስፖርት ንምምልካት ዘድሊ ቅጥዕታትን ዋጋታትን

## ፓስፖርት ንምውጻእ ዘድሊ ቅጥዕታት

- ፓስፖርት ንምሕታት ናብ ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ቆንስላዊ ጉዳያት ብኣካል ብቐጻራ ይመጽእ።
- ኣብ ፓስፖርት ኪዉሰኹ ዝሕተተሎም ተሰነይቲ ትሕቲ 10 ዕድመ'ውን ብኣካል ይቐርቡ። ኣብ ሓደ ፓስፖርት ካብ 3 ተሰነይቲ ንላዕሊ ምውሳኽ ኣይፍቀድን።
- ወለዶም ዜግነታዊ ወረቐት መንነት ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ፓስፖርት ኣይፍቀዶምን።
- ፓስፖርት ዘውጽእ ብቆጸራ ይመጽእ፡ ዝኸፈሎ ገንዘብ ኣብ ሕሳብና ምስ ኣተወ ጥራይ ፎርም ይመልእ።

## ዝጥለቡ ሰነዳት

- ኤርትራዊ ወረቐት መንነት original ከምኡ'ውን ቅዳሕ፡
- Person bevis ካብ ስካተቨርከት (Skatteverket)፡
- ቅዳሕ ፓስፖርት ሽወደን፡ ወይ ዜጋ ክጥቀመሉ ዝጸንሐ ናይ ኤርትራ ፓስፖርት የቕርብ፡
- ስእሊ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ኣብ ስቱዲዮ ዝተሳእለ ኣርባዕተ (35 x 45 mm) ዓቐን ዘለዎ ኮይኑ፡ ብቐጥታ ናብ ካሜራ ዝጠመተን ምሉእ ገጽን እዝንኻ ዘርኢ፡ ምስሓቕ ኣይፍቀድን እዩ፡
- ኣብ ፓስፖርት ዝውሰኹ ትሕተ-ዕድመ Familj person bevis ካብ ስካተቨርከት (Skatteverket)፡ ንነብስ-ወከፎም ኣርባዕተ (35 x 45 mm) ናይ ፓስፖርት ዓቐን ዘለዎ ስእልን የድሊ፡
- ክፍሊት ፓስፖርት ሰለስተ መዓልቲ ቅድሚ ቖጸራ ይኸፈል። ዝኸፈለሉ ቅብሊት ኣብ ቖጸራ የቕርብ፡
- ግቡኣት መሕወይ ግብሪን ካልእን ኪማላእ ኣለዎ፡
- ፓስፖርት ዘጥፍኣ መረጋገጺ ሰነድ ካብ ፖሊስ የቕርብ፡ ከምዘጥፍአ ኣብ ኤምባሲ ይምዝገብ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት መተካእታ ፓስፖርት ይሓትት፡
- ስም፡ ዕለት ልደት፡ ቦታ ልደትን ፊደላትን ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን፡

| **ዓይነት ኣገልግሎት** | **ዓበይቲ** | **ትሕቲ ዕድመ (18 ዓመት)** |
|---|---|---|
| ሓድሽ ፓስፖርት ወይ መተካእታ ንዝወደቐ ፓስፖርት | 2 000 SEK | 1 550 SEK |
| መተካእታ ንዝጠፍኣ ፓስፖርት | 2 450 SEK | 2 000 SEK |
| ምስ ወላዲ ኣብ ፓስፖርት ዝኣትዉ ተሰነይቲ | 300 SEK ንሓደ ቆልዓ | |

## ቁጽሪ ባንክ ሕሳብ

| **ሃገር** | **ቁጽሪ ሕሳብ** | **Swift Code** |
|---|---|---|
| ስዊድን | Nordea Plusgiro no. 17 25 69-6 | |
| ኖርወይ | Nordea Bank-IBAN No. SE74 9500 0099 6026 0172 5696 | NDEASESS |
| ዳንማርክ | Nordea Bank-IBAN No. SE74 9500 0099 6026 0172 5696 | NDEASESS |
| ፊንላንድ | Nordea Bank-IBAN No. SE74 9500 0099 6026 0172 5696 | NDEASESS |